# ንኹሉ እንተታት ብድሆ !




ኣብቲ ጽንኩር ኩነት ፡ ናይ ትማሊ
ስለዝበዳህና ፡ ምህላውና ሎሚ
ሞትና ኣውጆም ፡ ዓሚ ቅድሚ ዓሚ
ስኒ ስለዝነኸስና ፡ እኔና ሎሚ ፡

ምህላውና ናይ ሎሚ ፡ ቀጻልነት ንጽባሕ
እቲ ሌባ ግን ይሓልም ፡ ይብል ቀባሕባሕ
ኣጸልሚቱ ክኣቱ ፡ ተሞኽንዩ ብጉምብሕ ጉምብሕ
ቊንጣሮ ተኺቡ ፡ ኣቝሪሱ ዘየምስሕ
ተንበርከኽቲ ይዓስብ ፡ ኣሊሙ ከሳብብ ፡

ስለዝኾነ !

ሓድሽ ኣይኮነን ፡ ጥልመት ናይ'ዛ ዓለም
ንሓባል ዓይና ፡ ምጭምታላ ካብ ቀደም
ሰማይዊ ሕብሪ ኣይናታን ፡ እንትርፎ ቀይሕ ቀለም
ተግባራ ንቑልቁል ፡ ናይ ብሓቂ ዘስደምም ፡

ኤርታረዊ ድኣ ፡ ወናኒ ድርብ ቃልሲ
ንሙኩሓት ሞኺዱ ፡ ዝወነነ ኣልማዛዊ ፍትሒ
ሃመማ ኣሳጒጉ ፡ ንሓቂ መማስሒ
ንጽሓይ ኣድኒኑ ፡ ዘጐርዘወ ወርሒ ፡

ሰላም ኣዊጁ ፡ ሰላም ዘስፈነ
ብርሃን ኹሊዑ ፡ ቀንጢጡ ድነ
ሓቂ ተኺሉ ፡ ፍቕሪ ዝቐለበ
ድንቁርና ቀቢሩ ፡ ትምህርቲ ዘዓምበበ
ዶካትር ኣፍርዩ ፡ ንሕማም ዘሳጎሞ
ምተናእደ'ምበር ፡ ተጻይ'ዶ ምረኸበ !

ከውሒ ነዲሉ ፡ ጎረሮ ዘጥለለ
ዛላታት ጋሪዱ ፡ ሃገር ዘወቀበ
ትኳቦ ፈንፊኑ ፡ ነብሱ ዘማሕደረ
ሃሙን ቀልቡን ፡ ንህንጸት ዘንቀደ
ተበላሒቱ ፡ ትኣምረ-ቅያ ዘመዝገበ
ምተሸለመ እምበር ፡ መከራዶ ምረኸበ !

ምኣስ ንሱ ኮይኑ ፡ እቲ መንገዱ !
ከይሓለምና ፡ ዝፈታሕናዮ ምስጢሩ
ብዘይ ፍልስፍና ፡ ዝበርበርናዮ ነገሩ
ጌና ከይተበገሰ ፡ ዝስሓተ መስመሩ
ኣንፈቱ ኣለሊና ፡ ኣጻፍር ኣሰሩ ፡

ኣብነት ብምኳንና ፡ ኣብጸሊም ኣፍሪቃ
ጽሓይ መግዛእቲ ደቢና ፡ ጽሓይና ኣብሪቕና
ግዕዛያት ኣጸጺና ፡ ኣደልዲልና ምርጋጽና
ንቐንኣት ከምኩሉመት ፡ ኣብ ዓይኖም ቦቒልና ፡

ንጉስ ኣይጥራዕ ፡ ዛ'ዓባይ ኣሜሪካ
ኣውያት ክትድርጉሕ ፡ ንኣጻድፍ ምድናና
ናይ ዓለምና ጸጋ ፡ ክትብሕቶ ንበይና
ዓይኒየብለይ ስኒ ፡ ሓሓሊፉ ምትኳባ ፡

ንኹሉ እንተታት ብድሆ ፡ ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡ 20.01.2010.

# ንኹሉ እንተታት ብድሆ !

ተንኮል ናይ'ቲ ቀደም ፡ ብሰር ፎስተር ዳላስ
እገዳ ሎሚ'ውን ፡ ብካውቦያት ቴክሳስ
ካብዘይ ቆፎኻ ፡ ጎጎ ንሙቕራስ
ኣብዘይ ምኣድኻ ፡ ግርም እባ ምኩልላስ
ወዳጆ ጣቋ ፡ ኣብዘይ እንዳኻ ወልፈስፈስ ፡

ምኣስ ይሃስስ ፡ ዝኽሪ ናይ ትማሊ
ካርተር ዝበሃል ፡ ብስም UN ሓባሊ
መስርሕ ሰላም ፡ ናይ ኣትላንታ ናይሮቢ
ሽርሒ ተኾሊኩሉ ፡ ንሓቒ ክኣሊ
መቑጸርያ እናደገመ ፡ ዘይናቱ መንጣሊ ፡

ከም ቀደም ይመስለክን ፡ ውሕጅ ይወስደክን
ትኰሓሓላ ፡ መን ! መርዓት ምስበለክን
መሲለ ቁንጅና ፡ ካብ ኮነ ስራሕክን
ስዕረት'ውን ኣሎ ፡ ኣክባ ኣእዳውክን ፡

ኣደራሽና ድኣ ዝሃጠረ ፡ ብኣዕጽምቲ ጀጋኑ
ስርናይ ዝነፌ ፡ ንኽርዳድ ወጊኑ
ክብርታት ዝድርዕ ፡ ንጸላእቱ ኣድኒኑ
መግዛእቲ ዝቐበረ ፡ ንሓቒ ኣስፊኑ ፡

ወለዶና ! ወለዶ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን
ዘርኢ ኣቶ ወልድኣብ ኢና ፡ ብዘይምግናን
ሓድነት ሕላገትና ፡ ኣልፋን ኦሜጋን
መኸተ ዝመለለይና ፡ ድልዋት ኣብዝኾነ እዋን ፡

ምስክሩ !

ብድሆ ኢሉ ምሕናኑ ፡ ኤርትራዊ ተውለ
ኣብቃልሲ ተወሊዱ ፡ ብቃልሲ ዝተሳሕለ
እገዳ  ቶኺሉ ፡ ኣብኒዮርክ ዝቦቐለ
ይርአ እንሀ  ፡ ብግብሪ ከም ዘፍሸለ ፡

ብድሆ ንኹሉ ፡ ዕጥቅና ሸጥ ኢሉ
ኣብ በሪኽ ደይብና ፡ ሞራልና ብቖንጹ
ደፊእና ነጽድፈን ፡ ናይጥፍኣት መዛኑ
ዓጸፋ'ዩ ምላሽና ፡ ንህላወና ዘዕኑ ፡

ብድሆ ! ብድሆ ኢልና ተበጊስና
ከም ንስሪ ፡ ነቒሕና ፡ ድርዒ ደሪብና
ንጉዕዞና ክንውስኽሉ ፡ ዓጸፋ ዝላ
መትከል ሃገራውነት ፡ ኮይኑ ዝናርና
ኣብ መዕለቢኡ ክበጽሕ ፡  ዝኣቶናዮ ማሕላ
ምንባርና ዘይደሊ ፡ ንሽኽሎ ኣብ ታኼላ
ግምጃ ንስለም ፡ ነዛ ሃገርና ኤርትራ ፡

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ንኹሉ እንተታት ብድሆ ፡ ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡ 20.01.2010.